ናይ ሽወደን
ቤት ትምህርቲ
ንሓደስቲ መጻእቲ

Tigrinska

ንነአሽቱ ኣባጽሕ

ትምህርቲ ንኣባጽሕ

Skolverket

እዚ ሽወደናዊ ቤትትምህርቲ እዩ



ነቶም ነኣሽቱ ኣባጽሕ ዘገልግሉ ብዙሓት መገድታት ትምህርቲ

ከም ሓድሽ መጻኢ ኣብ ሽወደን ናብቲ ሽወደናዊ ስርዓት ትምህርቲ ንምእታው ብዙሕ ተኽእሎ ኣሎ። ቆልዑ ክሳብ 15 ዕድመ ትምህርታዊ ግዴታ ኣለዎም፣ ኣብቲ ሽወደናዊ መባእታዊ ቤትትምህርቲ ድማ ይኸዱ። ንስኻ 16 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝዕድሜኻ ዝበዝሕ ግዜ ነቲ ኣብቲ ዛጊት እተመሃርካዮን ኣብ መጻኢ ድማ እንታይ ክትምሃርን እንታይ ክትሰርሕን ከም እትደልን መሰረት ዝገበረ ውልቃዊ ዝኾነ መፍትሄ እዩ ዘድልየካ።

ካብ መባእታውን ካልኣይ ደረጃን ኣብያተትምህርቲ ባጀላ ንምውሳድ ነቲ ዝጎደለካ ዓይነታት ትምህርቲ ክትምልኦ ተኽእሎ ኣሎካ። እዚ ኸኣ ስራሕ ንምርካብ ወይ ሞያዊ ትምህርቲ ንምውሳድ ከምእውን ንቐጻሊ ዩኒቨርሲታውን ኮለጃውን ትምህርቲ ንምክትታል ዕድል ይህብ።

እቲ ዘድሊ ነገራት እተፈላለየ እዩ ንስኻ ኸኣ ኣብቲ ሽወደናዊ ትምህርቲ ኣባጽሕ ንእተፈላለየ ትምህርታትን ኮርሳትን ክትሕውሶ ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ኣብያተትምህርትን ኣብ ኮሙናትን፣ ንምህሮን ስራሕን ዚምልከት ናይ ትምህርትን ሞያን ምኽሪ ይርከብ እዩ። ናይ ትምህርትን ሞያን ምኽሪ ናይ በይንኻ ትምህርታዊ ውጥን ክትገብር ይሕግዘካ። መጀመርያ ግን ኣብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ዚውሃብ ልልይ ቋንቋ፣ ሽወደን ወይ ከኣ ሽወደን ንስደተኛታት (sfi) ክትምሃር የድሊ። ብድሕርዚ ዝደለኻ ክትመርጽ ተኽእሎታት ኣሎካ። ከም መትከል፣ ኩሉ ካብ ክፍሊት ናጻ እዩ።

ክሳዕ 20 ንዝዕድመኦም ተምሃሮ ዚወሃብ ናይ መእተዊ ፕሮግራም

መእተዊ ፕሮግራም ነቶም ኣብ መንጎ 16-20 ዕድመ ዘለዎም ነቲ ፍልጠቶም መመላእታ ምስ ገበረሉ ድማ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ኪቕጽሉ ንዝደልዩ ዚምልከት እዩ። እቲ ኣብቲ እትቕመጠ ቦታ ዘሎ ኮሙን እዩ ነቲ መደባት ንኺህበካ ሓላፍነት ዘለዎ።

ልልይ ምስ ቋንቋ

እቶም ናብ ሽወደን ዝኣተዉ ሓደስቲ መጻእቲ ብልልይ ምስ ቋንቋ ዚብል መደብ እዮም ዝጅምሩ። እቲ ትምህርቲ ብዘይካ ሽወደን ንቕጻሊ ምህሮ ዘድሊ ካልእ ዓይነት ትምህርቲ ወይ ኮርሳት እውን ይሕዝ እዩ። ልልይ ምስ ቋንቋ ንነፍስ ወከፍ ሰብ ብዝሰማማዕ መገዲ እዩ ዚምደብ ግን ሓደ ዓይነት ድሌት ዘለዎም ብሓደ ኪምሃሩ ይኽእሉ።

መዳለዊ ኮርሳት

መዳለዊ ኮርሳት ነቶም ካብ መባእታዊ ቤትትምህርቲ ሓደ ወይ ብዙሕ ነጥብታት ዝጎደሎም ዚምልከት እዩ። ነተን ጽቡቕ ነጥቢ ዘየምጻእካለንን ኣብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ዚውሃብ ሃገራዊ ፕሮግራም ንምስታፍ ድማ ዘድልያኻን ዓይነታት ትምህርቲ ኢኻ እትምሃረን።

ናብ መደባት ዘተኮረ ውልቃዊ ምርጫ

ናይ ሞያ መደብ ክትወስድ ደሊኻ ግን ሓደ ወይ ብዙሕ ነጥብታት ጎዲሉካ ዲዩ? ስለዚ ነተን ናብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ሞያዊ መደባት ንምውሳድ ዘድልያኻ ናይ መባእታዊ ቤትትምህርቲ ዓይነታት ትምህርቲ ጥራይ ኢኻ እትምሃረን።

ካልእ መእተዊ መደባት

ናይ ሞያ መእተዊ ወይ ልልይ እውን ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ዕላማኡ ድማ ስራሕ ንምርካብን ወይ ከኣ ተወሳኺ ናይ ሞያ መደባት ንክትወስድ ብቕዓት ንኺህልወካ እዩ።

ዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊዶ?

ነቲ ናይ ትምህርቲ ኣባጽሕ ናይ ትምህርቲ ወይ ሞያ ኣማኻሪ ርኸቦ። ናይ ርክብ ሓበሬታ ኣብቲ ናይቲ ኮሙን መርበብ ሓበሬታ ኣሎ።

ቋንቋ ሽወደን ንስደተኛታት፡ ኤስኤፍኢ

ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደን ንስደተኛታት (sfi) ብዛዕባ ቋንቋ ሽወደን መሰረታዊ ፍልጠት ይህበካ። ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ፡ ኣብ ማሕበራዊ ህይወትካ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ህይወትካ ብቓልን ብጽሑፍን ርክባት ክትገብር የኽእለካ። እቶም ብናይ ኣደ ቋንቋ ኪምሃሩን ኪጽሕፉን ዘይክእሉ ነቲ ናይ ኣደ ቋንቋ ኪምሃሩዎ ተኽእሎ ኣለዎም።

ኤስኤፍኢ ካብ 16 ዓመት ንላዕሊ ንኹሉ ዕድመታት ክፉት እዩ። ኤስኤፍኢ ከም ልምዲ ብኮሙን እዩ ዚዳሎ፡ ግን ከኣ ኣብ ገለ ህዝባዊ ኮለጃት ይርከብ እዩ።

እቲ ትምህርቲ ብኸምዚ መገዲ ተዘርዚሩ ኣሎ

እቲ ትምህርቲ ብመሰረት ናይቲ ተምሃራይ ድሕረባይታን ድሌትን ዕላማን እዩ ዚውጠንን ዚምስረትን ዚስተኻኸልን። ብውሕዱ ናይ 15 ሰዓታት ትምህርቲ ትውሃብ። ኤስኤፍኢ ምስ፡ ንኣብነት፡ ስራሕ፡ ምስ ልምምድ ስራሕ (ፕራቲክ) ወይ ምስ ካልእ ኣብ ኮሙናዊ ትምህርቲ ኣባጽሕ ዚውሃብ ትምህርቲ ኪሕወስ ይኽእል እዩ።

ኤስኤፍኢ ሰለስተ ናይ ትምህርቲ መገድታት ኣለዎ። መገዲ ትምህርቲ ቁ. 1 ነቶም ዘየንብቡን ዘይጽሕፉን ወይ ድማ ንሓጺር ግዜ ትምህርቲ ዝረኸቡ ዚምልከት እዩ። መገዲ ትምህርቲ ቁ.3 ግን ነቶም ዝያዳ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ዘለዎም ኢዩ ዚምልከት። ኣብ መወዳእታ ነፍስወከፍ ኮርስ ካብ A–F ዘሎ ነጥቢ ትወስድ። A ዝለዓለ ነጥቢ ኪኸውን ከሎ፡ F ግን ዘሕልፍ ነጥቢ ኣይኮነን።

ዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊዶ?

ነቲ ናይ ትምህርቲ ኣባጽሕ ናይ ትምህርቲ ወይ ሞያ ኣማኻሪ ርኸቦ። ናይ ርክብ ሓበሬታ ኣብቲ ናይቲ ኮሙን መርበብ ሓበሬታ ኣሎ።

ኮሙናዊ ትምህርቲ ኣባጽሕ፡ ኮምቩክስ

ንስኻ ብደረጃ መባእታዊ ወይ ካልኣይ ደረጃዊ ቤትትምህርቲ ክትምሃር እትደሊ ግን ከኣ ኣብኡ ንክትምሃር ብዕድመ ዝደፋእካ ምስ እትኸውን፡ ኣብ ክንድኡ ኣብቲ ኮሙናዊ ትምህርቲ ኣባጽሕ (ኮምቩክስ) ክትምሃር ትኽእል ኢኻ። እቶም 20 ዓመት ዝመልኡ ምእንቲ ደሓር ኣብ ኮለጅን ኣብ ሞያዊ ኮለጅን ኪቕጽሉ ወይ ከኣ ስራሕ ኪጅምሩ፡ ኣብ ኮምቩክስ ኸለዉ ሓደ ወይ ብዙሕ ኮርሳት ኪወስዱ ይኽእሉ እዮም። ምእንቲ ድሕሪ ውልቃዊ ውጥን ትምህርቲ ኣብቲ ዝግባእ ደረጃ ንክትምሃር፡ ናይ ዝሓለፈ ፍልጠትካ ኪግምገም እዩ።

ኣብ ቤትትምህርቲ ኣባጽሕ እዚ ዚስዕብ ተኽእሎታት ኣሎ

- ኤስኤፍኢ ከምኡውን ናይ መባእታውን ካልኣይ ደረጃን ኮርሳት ምውሳድ።
- ንናይ ካልኣይ ደረጃ ዲፕሎማ ምምሃር፡ እዚ ድማ ምስ ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ይመሳሰል እዩ።
- ነቲ ዚድለ ብቕዓት ንምርካብ ነቲ ኮርሳት ምውድኡ።
- ሞያዊ ትምህርቲ ምርካብ።

እቲ ትምህርቲ ብኸምዚ መገዲ ተዘርዚሩ ኣሎ

ብምሉእ ኣገባብን ብኸፊልን ክትምሃር ትኽእል ኢኻ። ነቲ ኣብ እተፈላለየ ደረጃታትን ዓይነት ቤትትምህርትን ዘሎ ትምህርትታት እውን ክትሓውሶ ትኽእል ኢኻ። ምእንቲ ነቲ ትምህርትኻ ንምውጥን ኪሕግዘካ ነቲ ኣብ ኮሙንካ ዘሎ ናይ ትምህርትን ሞያን ኣማኻሪ ርኸቦ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ እተወደአ ኮርስ፡ ካብ A–F ዘሎ ነጥብታት ትረክብ። A ዝለዓለ ነጥቢ ኪኸውን ከሎ F ግን ዘሕልፍ ነጥቢ ኣይኮነን። እቶም ኣብ መባእታዊ ደረጃ ዚምሃሩ እሞ እኹል ናይ ቋንቋ ኸወደን ፍልጠት ዘይብሎም፡ ንገለ ኮርሳት ብናይ ኣደኦም ቋንቋ ኪምሃሩ ተኽእሎ ኣለዎም።

ዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊዶ?

ነቲ ናይ ትምህርቲ ኣባጽሕ ናይ ትምህርቲ ወይ ሞያ ኣማኻሪ ርኸቦ።
ናይ ርክብ ሓበሬታ ኣብቲ ናይቲ ኮሙን መርበብ ሓበሬታ ኣሎ።

ፍሉይ ትምህርቲ ንኣባጽሕ

ናይ ምምሃር ጸገም ወይ ናይ ሓንጎል ጉድኣት ምስ ዚህልወካ ዕስራ ዓመት ምስ መላእካ ኣብቲ ፍሉይ ናይ ኣባጽሕ ቤትትምህርቲ ንኽትምሃር መሰል ኣሎካ። እቲ ትምህርቲ ብመሰረት ውልቃዊ ውጥን ትምህርቲ፡ ምስ ፍልጠትካን ዓቕምኻን ዚሳነ እዩ።

ፍሉይ ትምህርቲ ኣባጽሕ ከምዚ ዚስዕብ ንኽትገብር ተኽእሎ ይህበካ፣

- ብመባእታውን ካልኣይ ደርጃውን ደረጃ ምምሃር
- ካብ መንጎ እተፈላለየ ኮርሳት ምምራጽ
- ምስኡ ብሓደ ድማ ሽወደን ንስደተኛታት ምምሃር
- ናብ ሞያ ዘተኮረ ትምህርቲ ንምውሳድ

እቲ ትምህርቲ ብኸምዚ መገዲ ተዘርዚሩ ኣሎ

ተምሃሮ ኣብ ነፍስወከፍ ናይ መባእታዊ ወይ ካልኣይ ደርጃዊ ቤትትምህርቲ ውዱእ ኮርስ፡ ነጥቢ ይረኽቡ። A ዝለዓለ፡ E ድማ ዝተሓተ ነጥቢ እዩ።

ዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊዶ?

ነቲ ናይ ትምህርቲ ኣባጽሕ ናይ ትምህርቲ ወይ ሞያ ኣማኻሪ ርኸቦ። ናይ ርክብ ሓበሬታ ኣብቲ ናይቲ ኮሙን መርበብ ሓበሬታ ኣሎ።

ህዝባዊ ኮለጅ

ህዝባዊ ኮለጅ ንኣኻ 18 ዓመት ዝመላእካ ከም መማረጺ ናይ ካልኣይ ደረጃን ናይ ኮሙን ትምህርቲ ኣባጽሕ (ኮምዩኒክስ) እዩ። ኣብኡ ናብ ዩኒቨርሲቲን ኮለጅን ሞያዊ ኮለጅን ንምእታው ዘብቅዓካ ምስ ናይ መባእታውን ካልኣይ ደረጃውን ዝወዳደር ኮርሳት ትወስድ። ምስ ዘድልየካ ድማ ተወሳኺ ናይ ቋንቋ ሽወደን ሓገዝ ይውሃበካ።

ኣብ ገለ ህዝባዊ ኮለጃት ነቶም ናብ ሽወደን ሓደስቲ መጻእቲ ዚምልከት ኮርሳት ይወሃብ እዩ። ንሓደስቲ መጻእቲ ዚውሃብ ናይ መትከል እግሪ ኮርሳት ከምቲ ናይ ኤስኤፍኢ ወይ ሽወደን ንስደተኛታት ዚመስል ስልጠና ኣለዎ። ህዝባዊ ኮለጅ ገለ ናይ ሞያ ትምህርቲ እውን ይህብ እዩ።

ዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊዶ?

ነቲ ናይ ትምህርቲ ኣባጽሕ ናይ ትምህርቲ ወይ ሞያ ኣማኻሪ ርኸቦ።
ናይ ርክብ ሓበሬታ ኣብቲ ናይቲ ኮሙን መርበብ ሓበሬታ ኣሎ።

ሞያዊ ኮለጅ

ኣብ ሞያዊ ኮለጅ፡ ሞያዊ ፍልጠት ንምድላብ ክትስልጥን ትኽእል። ካብ ኣማኢት ሞያታት ክትመርጽ ትኽእል። እቲ ስልጠናታት ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ እዩ። ካብ ክልተ ክሳዕ ሰለስተ ዓመታት ድማ ይወስድ። ነቲ ናይ ቤትትምህርቲ ተዮሪ ምስቲ ናይ ስራሕ ተግባር ድማ ይሕውሶ። ገለ ኣብያተትምህርቲ ናብ ሞያ ዘተኮረ ናይ ቋንቋ ሽወደን ሓገዝ ይህባ እየን።

ናብ ሞያዊ ኮለጅ ንምእታው ናይ ዕድመ ደረት የልቦን።

ናብ ሞያዊ ኮለጅ ንምእታው ከምዚ ዚስዕብ ኪህልወካ ይግባእ፣

- ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤትትምህርቲ ሰርቲፊከት ወይ ኮሙናዊ ትምህርቲ ኣባጽሕ (ኮምቩክስ)።
- ምስ ናይ ካልኣይ ደርጃ ሰርቲፊከት ዝወዳደር ሽወደናዊ ወይ ናይ ወጻኢ ትምህርቲ።
- ንኣብነት ብናይ ሽወደን ወይ ናይ ወጻኢ ትምህርቲ ወይ ብተግባራዊ ተመክሮ ጌርካ ነቲ ስልጠና ንምውዳእ እተማልኦ ነገራት።
- ነቲ ስልጠና ንምውዳእ እኹል ፍልጠት ቋንቋ ሽወደን ምህላው።

ብቕዓት ንኺህልወካ ዘድሊ ካልእ መገዲ

ሓደ ሰብ ነቲ ወግዓዊ ጠለብ ዘይማልኦ ምስ ዚኸውን ግን ከኣ እተን ኣብያተትምህርቲ ኪውድኦ ከም ዚኽእል ምስ ዚኣምናሉ፡ ፍሉይ ኣረኣእያ ይገብራ እየን። ነታ እትግደሰላ ቤትትምህርቲ ተወከሳ እንታይ ከም ዘድሊ ድማ ሕተት።

ዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊዶ? ነቲ ኣብቲ እትግደሰሉ ሞያዊ ኮለጅ ዘሎ ናይ ትምህርን ሞያ ኣማኻሪ ርኸቦ።

ዩኒቨርሲቲን ኮለጅን

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኣብ ኮለጅ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ፡ ናይ ፕሮግራም ወይ ናይ ውልቂ ኮርሳት ክትወስድ ትኽእል። ከምኡውን ኮርስ ወይ ስልጠና ንክትወስድ ብቕዓት ዚህበካ ናይ ካልኣይ ደረጃ ነጥቢ ወይ ሰርቲፊከት ኪህልወካ ይግባእ።

መሰረታውን ፍሉይን ብቕዓት ዚብሃል ኣሎ። ንገለ ስልጠናታት መሰረታዊ ብቕዓት ኣኻሊ እዩ። ግን ከኣ ሓያሎ ስልጠናታት ፍሉይ ብቕዓት ይሓቱ እዮም። ሰረታዊ ዓመት (Basår) ሓደ ዓመት ዚወስድ ነቶም ኣብ ኮለጅ ደረጃ ንኺምሃሩ ፍሉይ ብቕዓት ዘይብሎም ዚውሃብ ስልጠና እዩ።

ብቕዓት ንኺህልወካ ዘድሊ ካልእ መገዲ
እቶም ካልኣይ ደረጃ ዘይኣተዉ እውን ናብ ዩኒቨርሲቲን ኮለጅን ንኺኣትዉ ኪሓቱ ይኽእሉ እዮም። ሽው እቲ ካብ፡ ንኣብነት፡ ኮርሳትን ናይ ስራሕን ናይ ማሕበራውን ወይ ናይ ነዊሕ ናይ ወጻኢ ሃገር ብተመክሮ ዘጥረኻዮ ብቕዓት ኪግምገም እዩ።

ዝያዳ ክትፈልጥ ትደሊዶ?

ነቲ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኣብ ኮለጅ ዘሎ ናይ ትምህርን ሞያ ኣማኻሪ ርኸቦ።

Den svenska skolan för nyanlända

Beställningsuppgifter:
Wolters Kluwers kundservice
106 47 Stockholm
Telefon: 08- 690 95 76
Telefax: 08-690 95 50
E-post: skolverket@wolterskluwer.se
www.skolverket.se/publikationer

Beställningsnr: 15:1511
ISBN: 978-91-7559-222-0

Bilder: Folio, Michael McClain, Matton, Johnér, iStock
Illustratör: Helena Halvarsson

Grafisk form: Jupiter Reklam
Grafisk produktion: Space360
Översättning: Space360
Tryck: Elanders Sverige AB

Skolverket
skolverket.se/nyanlanda